# ኤርትራውያን ነበርቲ ከተም ማንሃይምን ከባቢኡን ጽንብል ናጽነት ብልዑል ሓበን ኣብዒሎም

*ኤርትራውያን ነበርቲ ከተም ማንሃይምን ከባቢኡን  መበል 23 ዓመት ጽምብል በዓል ናጽነት ኤርትራ ፡ “ንርህው ጽባሕ፡ ሎሚ  ንስራሕ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብ 23 ግንቦት   ፡ ብብዝሒ መንእሰያትን ሕጻናትን  ተሳተፍዎ ብኽብ ዝበለ መዓርግን ብድምቀትን  ኣብዒለሞ።*

*ወግዓዊ  መደብ ጽምብል በዓል ናጽነት ኤርትራ በዓል ዝከረ ሰምእታት ብድሕሪ ምኽያድ ብተመሃሮ ቋንቋ ኣደ ማሕበረሰብ ከተማ ማንሃይም ብሃገራዊ መዝሙር ተኸፍተ። ስዒቡ ኣቦ መንበር ማሕበረሰብ ከተማ ማንሃይም ብኣቶ ሰመረ ገብረሃንስ  ንተሰተፍቲ መደብ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቲን ፡ ረዚን መግለጺ በዓል ናጽነት ኤርትራ ብድሕሪ ምቅራብ ተስትፍቲ ጽንብል ኣብቲ ኒታ ክብርቲ ዕለት ዘንጸባርቕ ፕሮግራማት ብዊዕዉዕ ሃገራዊ ወኒ ምውሳእ ጀመሩ።*

*ሰዓቱ ምስ ኣኸለ መደብ  ቶርተን ሻምፓኝን ብካብ ኩለን ሃገራውያን ሓይልታትን ጉጅለታትን ብዝተዋጽኡ ውሁዳት ሽማግለታት ከተማ ማንሃይም ከባቢኣን ብውዕዉዕ ጣቕዒትን እልልታን ካካየድ ከሎ ፡ ፡ ብወናም ድምጻዊ ኣቶ ኣማንኤል  ገ/ሄር (ኖርወይ) ወኒ ሰባት ብዝቕስቅስ ባህላዊን ዘመናውን ሙዚቃን ሳዕስዒትን  ብምቕራቡ ፡ ነቲ በዓል ዝያዳ ድምቀት  ሃቦ።*

*መበል 23 ጽምብል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ማንሃይም ንኹሎም ተሰተፍቲ በዓል  ነቲ  ስጡም  ሃገራዊ  ሓድነቶም  ዘበርኽ ፡ ብርቱዕ ሃገራዊ ፍቕሪን ኒሕን ዝሰፈኖ ሃዋህው ንምንባሩ ፡ ዕዉት በዓል እዩ ተኻይዱ።*

*ንርህው ጽባሕ  ሎሚ ንስራሕ!*

*ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ*

*ክፍሊ ሓብሬታ*

*ማሕበረ-ሰብ ማንሃይምን ከባቢኣን*                              *ዕለት  27. 05.2014*